# “ ክልተ ወለዶ.....!”

ሳሙኤል ገ/መድህን (Gobez_gudbahri)

ወለዶ ቐዳሞት ሰብ ታሪኽ ሰብ ንያት
ሰብ ዝናር ዋልታ ሰብ ድርብ ፅንዓት
እምብልና ን በደል ን ወፅዓ ን ግዝኣት

ካልኣይ ወለዶ ተቐባሊ ሕድሪ
ረጋፂ አሰር ዝውይን ብ ናህሪ
ሰንሰለት ታሪኽ ዝመስል ብ ባህሪ

ሰብ ድርብ አምር ጠበቓታት ህዝቢ
አብ ክፉእ አብ ፅቡቕ ዝዓስሉ ከም ንህቢ

እወ ! ክልተ ወለዶ ደቂ ሓንቲ ወርሒ
ሐደ ፀረ-ባዕዲ ሓደን ስለ ፍትሒ

ወጊድ ን ባርነት ብ ሓቦ ብ ስምረት
ቅሰኑ ዘልኣለም ዕንቁታት ለካቲት።

መዘከርታ:- ን ኹሎም ደቂ ለካቲት.....!